**መበል 27 ምዓልቲ ናጽነት ኤርትራ**
**ቀዳም ፡ ግንቦት 26፡ 2018**

## 27TH ERITREAN INDEPENDENCE DAY CELEBRATION
## SATURDAY, MAY 26, 2018
## 2448 W. DEVON AVE, CHICAGO

ህዝቢ ኤርትራ ናይ መዋእል ቃልሲ ከካይደን ከቢድ መስዋእቲ ክኸፍልን ተገዲዱ እዩ። ብሰንኪቲ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ብ2 ታሕሳስ 1950 ዘጽደቖ ዘይፍትሓዊ ብይን 390-A (V) ኣብ ኤርትራ ናይ 30 ዓመት ደማዊ ኲናት ተኻይዱ። 65,000 ተጋደልቲ ተሰዊኦም። 10,000 ተጋደልቲ ሰንኪሎም። ብዙሓት ኤርትራውያን ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ተሰዲዶም። ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ መንባብርኦም ተመዛቢሎም። ብዘሎ ቍጠባዊ ሃብቲ በሪሱ።

ብ1998-2000 ልኡላውነት ኤርትራ ንምግሃስን ህዝቢ ኤርትራ ዳግማይ ትሕቲ መግዛእቲ ንምቚራንን ዝዓለመ ኲናት ተኻይዱ። "ደም ቀዳሞት ከይነቐጸ፡ ደም ዳሕረዎት ፈሲሱ"። ዘይምኽኑይ ድርብ ማዕቀብ (እገዳ) ኣብ ልዕሌና ተነቢሩ። ተጠቀምቲ ባህርያዊ ጸጋታትና ከይንኸውን፡ ውዲታት ተኣሊሙ። እዚ ኩሉ ዕንቅፋት ብዘየገስ፡ ብጽንዓት ንቃለስን ንቕድሚት ንግስግስን ኣሎና። ጐርባብትና ብዓሌትን ብሃይማኖትን ወገንን ከገማምዑ፡ ግዳይ ዕንወትን ህልቂትን ምምዝባልን ክኾኑ ከለዉ፡ ሓድነትና ዓቒብና ብሰላም ንነብር ኣሎና።

ናጽነት ኤርትራ ለሚንና ዝረኸብናዮ ትኳቦ ዘይኮነስ "ብርሃጽን፡ ደምን፡ ንብዓትን" ዝዓተርናዮ ጽዋእ እዩ። ኣብዚ ቃልሲ'ዚ ዘይተሳተፈን ክቡር መስዋእቲ ዘይከፈለን ስድራቤት የብልናን። ሎሚውን፡ ቀጻሊ ጉዕዞና ካብ ሓጐጽጐጽ ናጻ ክሳዕ ዘይኮነ፡ ልኡላውነትና እነውሕስ ንሕናን ባዕልናን ኢና። ነዚ እናዘከርና ምዓልቲ ናጽነት ኣብ እነብዕለሉ ኣጋጣሚ ተኻፋሊ/ት ንምዃን ብኽብሪ ንዕድም።

<u>ለበዋ፡- እዚ ዕድመዚ ኩሉ ሃገራዊ ከበጽሖ ንጽዓር!</u>
<u>ብድሓን ምጹ! ሽማግለ ሃገራዊ ብዓላት ሽካጎን ከባቢኣን። ዓወት ንሓፋሽ</u>

## 27TH ANNIVERSARY OF ERITREAN INDEPENDENCE
## 26TH OF MAY, 2018

Independence Day is a milestone celebrating the triumphant conclusion of the arduous and protracted struggle

